BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation

## Shopping for clothes
## Size and Colour

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም፡ እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation ብድሓን መጻእኩም። እዚ መደብ እዚ ኣገደስቲ ክፋላት ቋንቋ እንግሊዝ ሒዙልኩም ዝቐርብ መደብ እዩ። ኣነ ተኽለማሪያም በኪት እየ፡
ኣብዚ ክፋል እዚ ከመይ ጌርና ዝተፈላለየ ዓቐንን ሕብሪን ዘሎዎም ነገራት ከምእንዕድግ ክንመሃር ኢና።
ነዞም ክልተ ሰባት ኣብ ዱኳን ዝዘራረቡ ዘሎዉ ጽን ኢልና ንስማዓዮም።

***Shop assistant***
*Can I help you?*

***Dan***
*Yes, do you have these shoes in size 9?*

***Shop assistant***
*No, but we have them in size 8 and 10.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ክብድ ዝበለ እንተመሲሉ ኣይትሻቀሉ፡ እዚ ምይይጥ'ዚ ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱ ክንሕግዘኩም ኢና።
መጀመርያ፡ ዋና ድኳን ንዳን እንታይ ክሕግዘካ ኢሉ ሓተቶ። ‘Can I help you?’ ጽን ኢልኩም ብምስማዕ ድገምዎ።

*Can I help you?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ዳን ኣስዒቡ፡ እወ፡ ከምዚኤን ሳእኒ ቁጽሪ 9 ኣሎኩምዶ? ‘Yes, do you have these shoes in size 9?’
‘Do you have these in...?’ ዝብል ሕቶ፡ እታ ንደልያ ንብረት ብዝተፈላለየ ዓቐንን ሕብሪን ኣብ ድኳን ኣላዶ ወይስ የላን ንምፍላጥ ንጥቀመሉ ሕቶ እዩ።
ብዛዕባ ሓንቲ ነገር (ንብረት) ክንሓትት እንተደሊና ‘this’ ንጥቀም፡ ብዛዕባ ብዙሕ ነገራት ክንሓትት እንተደሊና ከኣ ‘these’ ንጥቀም። ስለዚ፡ ኣብ ድኳን ጸሊም ዝሕብሩ፡ ቁጽሪ 8 ኣሎዎም'ዶ ወይስ የብሎምን ንምፍላጥ፡ ከምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ንጥቀም።

*Do you have these shoes in black?*

*Do you have these in size 8?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕጂ ጽን ኢልኩም ብምስማዕ ነዘን ዝስዕባ ሓረጋት ድገምወን።

*Yes, do you have these shoes in size 9?*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ድካን ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ “ኣይፋልን፡ ቁጽሪ 8ን 10ን እዩ ዘሎና”። ‘No, but we have them in size 8 and 10.’
ጽን ኢልኩም ብምስማዕ ድገምዎ።

*No, but we have them in size 8 and 10.*

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ ሕጂ ነዞም ኣብ ድኳን ዝዘራረቡ ዘሎዉ ሰባት ብምስማዕ ነብስኹም ገምግሙ።

*Can I help you?*

*Yes, do you have these trousers in black?*

*No, but we have them in brown.*

*Can I help you?*

*Yes, do you have these sunglasses in white?*

*No, but we have them in silver.*

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕራይ እምበኣር፡ ደጊምኩም ፈትኑ። ነዘን ናይ እንግሊዘኛ ምሉእ ሓሳባት ጽን ኢልኩም ብምስማዕ ድገምዎ።
ንነፍሲወከፈን ክልተ ግዜ ክትሰምዕዎ ኢኹም።

*Can I help you?*
*Can I help you?*

*Do you have these shoes in size 9?*
*Do you have these shoes in size 9?*

*No, but we have them in size 8 and 10.*
*No, but we have them in size 8 and 10.*

**ኣቓራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ እምበኣር፡ ሕጂ ማዕረ ክንደይ ነቲ ዝተማሃርኩሞ ቋንቋ ኢንግሊዝ ከምትዝክርዎ ነብስኹም እትግምግሙሉ ግዜ ኣኺሉ እዩ። ነዚ ብትግርኛ ትሰምዕዎ ምሉእ ሓሳባት ብእንግሊዝኛ ድገምዎ።

*እንታይ ክሕግዘካ?*
*Can I help you?*

*እወ፡ ከምዚኤን ጫማ ቁጽሪ 9 ኣሎኩምዶ?*
*Yes, do you have these shoes in size 9?*

*ኣይፋልን፡ ቁጽሪ 8ን 10ን ኣሎና።*
*No, but we have them in size 8 and 10.*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ ከመይ ጌይርና ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ንብረት ካብ ድኳን ምሕታት ተማሂርና ኣሎና። ነዚ ዝስዕብ ዝርርብ ምስ ዋና ድካን ብምኺን ልምምድ ግበሩ። እቲ ድካን ቁጽሪ 7 ካልሲ ኣሎዎ'ዶ ኢልኩም ሕተቱ።

*Can I help you?*
*No, but we have them in size 8.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ፡ ሕጂ ነቲ ዝርርብ ብምሉኡ ብምስማዕ፡ መልስታትኩም ፈትሹ።

***Shop assistant***
*Can I help you?*

***Dan***
*Yes, do you have these shoes in size 9?*

***Shop assistant***
*No, but we have them in size 8 and 10.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ከምይ ጌርኩም ዝተፈላየ ዓቐንን ሕብርን ዘለዎም ካብ ድኳን ከምትገዝኡ ፈሊጥኩም ኣሎኹም። እንተኾነ ግን ልምምድ ምግባር ኣይትረስዑ። መሓዛ ኣናዲኹም 'Do you have this/ these...?' እንዳ በልኩም ተለማመዱ።

ኣብ ካልእ ግዜ ብኻልእ መደብ የራኽበና። Bye!


© British Broadcasting Corporation 2018